ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# መግለጺ ኩናኔ

# ብኤርትራውያን ግዳያ ኣብ ማእከል ኣስመራ

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንሕሱም ተግባር ግፍዒ ግበታዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ዝፈጸሞን ገና እውን ዝፍጽሞ ዘሎ ኣነዋሪ ተግባራት መቀጸልታ ዝኾነ ኣብ ዕለት 03 ሚያዝያ 2016 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ዝቁጽሮም ጉዱዳት ዕስኩራት መናስእሰያትን ነበርቲ ከተማ ኣስመራን ዝፈጸሞ ኢ-ሰብኣዊ ዝኾነ ቅትለት መጉዳእትን ይኹንን ።እዚ መቀጸልታ እኩይ ተግባር ናይ ገባቲ ስርዓት መንቀሊኡ ርዱእ ዝኾነ ንጥፋኣት ንምጽናት ኤርትራውያን ዝነቀለ ፡መንእሰያት ብጥምየትን ጽምእን ምድረ-በዳ ሰጊሩ ኣብ ዓዲ-ጓና ዝኣተወ፡ ብዓሌቱን ሕብሩን እንተገናድዔ ዘራእቲ እንዳማቱ የዋፍር። ግዳይ እዚ መግዛእቲ እንዳሃለወ ሓደ ግዜ ኣብ ናይ እኩባት መዓስከር ይእሰር፡ ካልኣይ ግዜ ብጥርዝያ እናተሰናበደ እንደጌና ኣብ ንቀጻሊ ስደት ይደፋፋእ። በቲ ሓደ ሸነኽ ኣብ ሊብያ ተቀጥቂጡን ተኣሲሩን ባሸበርቲ ተሓሪዱን ትንፋሶም ተዓፊኑ፡ ምስ ብኣሽሓት ዝቁጸሩ ደቂ-ሃገሩ ኣብ ባሕሪ ይሃልቕ ኣሎ። ኤርትራዊ፡ ነውራም ኣተዓባብይኡ ዝበደሎ ኢሰያስ፡ ናይዚ ናይ ህዝብና ኣደራዕ ኣመልኪቱ ክዛረብ እንከሎ፡ “ሓደ ግዜ እዚኦም ብቅዓት ዘይብሎም ሽሓውንቲ ዝሓጽቡ እዮም”፡ ካልእ ግዜ ድማ “እዚኦም ንዕረፍቲ እዮም ከይዶም” እናበለ ብንዕቀትን ኣሽካዕላልን ክዛረብ ሰሚዕናዮ። እቲ ዘየስተብሃለሉ ግን እዚ ዝስዕብ እዩ። ብቅዓት ዘይብሎም ክብል እንከሎ፡ ታሓታታይ ንሱ ምኳኑ እዩ። ኣብ ክንዲ ኣብ ድፋዓት ወሲድካ ሞራሎም ትውድኦ፡ ዓቕሞም ተዳኽም፡ ልቦም ትሰብር፡ ኣብ ትካላት ስነ-ፍልጠት ኣእቲኻ ዓቕሚ ከምዝውንኑ ዘይምግባሩ እዩ። ኢሰያስ ህዝቡ ዝንዕቕ ንዑቕ፡ ህዝቡ ዘየኽብር፡ ሕሱር እዩ። ነዚ ዘጉሂ ተረኽቦ ምኽንያት ዘይብሉ ባህርያዊ መቕዘፍቲ ገይሩ ከጽቕጥ ምፍታኑ ሰብኣዊ እንታይነቱን ዓይነት ኤርትራዊ መንነቱ ከመይ ከም ዝኾነ ይሕብር።

ስርዓት ህግደፍ ዋላ’ኳ ፈላማይ ብጭቆና ምጽናት ህዝቢ ኤርትራ ዝዓበየን ሙኳኑ ርዱእ እንተኾነ ኣብ ናይ ሎሚ ግን ፍልይ ዝብል ተርእዮ እዩ ጀሚሩ ንሱ ድማ ኣብ ማእከል ከተማ ዓለም እንዳተዓዘበቶ ከምዚ ዓይነት ኢ-ሰባኣዊ ተግባር ክፍጸም ምእዛዙ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ንዕቀት ክሳብ ክንደይ ይህንደድ ምህላዉ ዘርእየካ ስለዝኾነ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ነዚ ምጽናት ኣህዛብ ኤርትራ እንዳ-ገበለ ዝኸይድ ዘሎ ተግባራት ናይ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብዘይ ውዓል ሕደር ንምቁጻይ ከምቲ ድሮ እውን ኣብ ማእከል መደበር ታዕሊም ሳዋ ዝሬኤ ዝምዕብል ዘሎ ምንቅስቓሳት ኣንጻር ገባቲ ስርዓት፡ኣብ ኩሉ ቦታን ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ተረዲኡ ኣንጻር እዚ ተግባርዚ ክሰለፍ እዳጸዋዕና ፡ነዚ ብዘይ ሓላፍነታውን ብ-ኢሰብኣውን ኣገባብ ኣብ ቅትለት ዝተዋፈሩ ኣሳሳይቲ ናይቲ ስርዓት እውን ውዒሎም ሓዲሮም ብሕጊ ተሓተቲ ከምዚኾኑ መልእኽትና እንዳ ሕለፍና ፡ ንግዳያት መወቲ ኤርትራውያን ጽንዓት ይሃብኩም ንቤተሰቦም ንኩሉ ደላይ ሓቅን ፍትሕትን ኤርትራዊ ድማ ጽንዓት ይሃብኩም ይሃበና ይብል ኣንዳበለ ንኹለን ናይ ዓለም ማሕበረሰባት ድማ ብፍላይ ናይ ሰባኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ካልኦትን ነዚ ኣብ ራሲ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ኣደራዕ ብኹፋት ዓይኑ ክጥምቶን ነቲ ድማ ብኩሉ መልክዕ ማዕቀብ ክቕጸለሉ ክስርሕ ንምሕጸን

**ዓወት ንንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ !!**

**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

10/04/2016